መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ቀዳማይ ትንሳኤ ሙታን



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen

ተርጋሚ፡- ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኣብ ሓደ ኩርባ ብዙሕ ጫውጫውን ናዕብን
ዕግርግርን ሰባት ዘለዎ ሓንቲ ኣደ ደው ኢላ ናብቲ
ከቢድ ገበንን ኣዝዩ ኣሰቃቒ ግፍዒ
ዝፍጸም ዝነበረ ነዒንታ ምእማን
ሲኢናቶ ፈዚዛ ትጥምት
ነበረት። እቲ ዝፍጸሞ ዘሎ
ወዳ እዩ ኣብ ኣፋፊ ሞት
ድማ ይርከብ። እዛ ኣደ
እዚኣ ድንግል ማርያም
ኣደ ጐይታ እያ። ኣብቲ
ኢየሱስ ክርስቶስ
መስቀል ዝተሸንከረሉ
ቦታ ደው ኢላ
ነበረት።





እዚ ፍጻሜ እዚ ንምንታይ
እዩ? ኢየሱስ ክርስቶስ በዚ
ዘሕዝን ፍጻሜ ንምንታይ
ይሓልፍ? እግዚኣብሄር ንወዱ
ኣብ መስቀል ክሽንክሮ
ስቅ ኢሉ ፈቒዱ?
ኢየሱስ ዝፈጸሞ
ገበን ኔሩ ድዩ?
እግዚኣብሄር
ከየድሕኖ ምክኣል
ሲኢኑ ድዩ?



እግዚኣብሄር ምክኣል ሲኢንዎ ኣይኮነን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ’ ውን ዝፈጸሞ ገበን ኣይነበረን። ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኢድ ሓጥኣን ከም ዝመውት ይፈልጥ ኔሩ’ ዶ? ገና ኢየሱስ ክርስቶስ ብህጻኑ ከሎ ሓደ ዓቢ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ስምኦን ዝተባህለ ዓቢ ሓዘን ኣብ ቅድሚኣ ከም ዘሎ ንኣዲኡ ማርያም ነጊርዋዩ።

ቅድሚ ሞት
ኢየሱስ ክርስቶስ ቅሩብ
መዓልታት ሓንቲ ሰበይቲ
ናብኡ መጺኣ ቅዱይ ቅብኢ
ኣብ ኣእጋሩ ኣፍሲሳ ቐቢኣቶ’
ሞ እቶም ደቀ መዛሙርቲ
ዓቢ ጥፍኣት እዩ እዚ፣
ክቡር ቅብኢ ተሸይጡ
ክንደይ መውጻእ በሉ። ጐይታና
ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ጽቡቕ ግብሪ
ጌራ ኣላ እዚ ንቀብረይ ዝገበረቶዩ
ኢሉ ዘገርም ነገር ኣቀዲሙ ተዛረበ።



ድሕሪ እዚ እዩ ይሁዳ ሓደ ካብቶም
12 ሃዋርያት ንኢየሱስ ክርስቶስ
ኣሕሊፉ ንምሃብ ምስ ፈሪሳውያን
ብ30 ቅርሺ ዝተሰማማመዔ።





እቲ ፋሲጋ ኣይሁድ ቀሪቡ ነበረ᾿ሞ
ኢየሱስ ከኣ ነቶም ሃዋርያት ቅድሚ ስቃየይ
ምሳኻትኩም ገንሸል ፋስጋ ክበልዕ ሃረር
ኢለ ኣሎኹ በሎም። ንሳቶም ከኣ ከምቲ
ዝበሎም ምስ ኣዳለወ ሽው እቲ እግዚኣብሄር
ንዘፍቅርዎ ዘዳለዎሎም ዘሕጉስ ብስራት እዩ
ነጊርዎም። ሕብስትን ጽዋዕን ኣልዒሉ ባሪኹ
ሃቦም። እዚ ስጋይ እዩ እዚ ከኣ ደመይ
እዩ ንሓጢኣት መደምሰሲ
ዝፈስስ እዩ እሞ፣
ንመዘከርታ
ግበርዎ በሎም።

ኢየሱስ ንሃዋርያት ኰልኩም እቲ ፈተና ምስ መጸ ክትሓድጉኒ ኢኹም በሎም። ጴጥሮስ ግና ˝ኣነ ንሞት ኮነ ንማእሰርቲ ድሉው ኣየ በለ˝ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ደርሆ ከይነቀወ ሰለስተ ጊዜ ከም ትክሕደኒ እብለኻ ኣሎኹ በሎ።





በቲ ምሸት እቲ ናብቲ ናይ
ኣታክልቲ ሰፈር ጌተሰማኔ
ዝተባህለ ከይዱ ጸለየ።
ደቀ መዛሙርቲ ግና ደቀሱ
ንሱ ካባታቶም ፍንትት
ኢሉ "ኣቦይ ፍቓድኻ
እንተ ኮይኑስ እዛ ጽዋእ
ካባይ ኣሕልፋ፣ ግናኸ
ፍቓድካ እምበር ፍቓደይ
ኣይኹን በሎ።

ብድንገት ድማ እንሆ ብዙሕ ህዝቢ መጸ ካብቶም 12 ሓዋርያት ይሁዳ ዝበሃል ሒዝዎም መጸ። ኢየሱስ ክርስቶስ ንይሁዳ ንወዲ ሰብዶ ብምስዓም ተትሕዞ ኣሎኻ በሎ ጴጥሮስ ግና ሰይፉ ጌሩ ንሓደ ወተሃደር የማናይ እዝኑ ቈረጾ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ሕደግ ኢሉ እዝኑ ተንከዮ ኣሕወየሉ። ጐይታ ኢየሱስ ግና እቲ ዝሓልፍ ዝነበረ ፍቓዱ ኣምላኽ ምዃኑ ይፈልጥ ነበረ።



ሒዞም ከኣ ወሰድዎ ናብ ሊቀ ካህናት’ ውን ኣእተውዎ ሓደ ካብቶም ካህናት ሽዑ ዓመት ዝተመረጸ ኢየሱስ ክመውት ኣለዎ በለ። እዚ ኵሉ ክኸውን ጴጥሮስ ርሕቕ ኢሉ ይኸታተል ነበረ። ጴጥሮስ ዘለዎም ኣብ ማእከል ተቐሚጦም ሓዊ ይስሕኑ ነበሩ። ሰለስተ ሰባት ተኸታቲሎም ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ከምዚ በሉዎ ″ንስኻ’ ውን ሓደ ካባታቶም ኢኻ ምስ ኢየሱስ ኔርካ ኢኻ በሉዎ″ ጴጥሮስ ግና ከምቲ ጐይታ ኢየሱስ ዝበሎ 3 ጊዜ ክሓደ።



# ኩ ኩ ኩ ኩ



ሽዑ ገና እዚ
ክዛረብን ክምለስን ከሎ
ብኡብኡ ደርሆ ‘ነቀወ። ጐይታ
ኢየሱስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ
ጠመቶ። ጴጥሮስ ከኣ ˝ሎሚ
ርኤ ደርሆ ከይነቀወ ሰለስተ ሳዕ
ክትክሕደኒ ኢኻ˝ ዝበሎ ቓል
ጐይታ ዘከረ እሞ ናብ ደገ ወጺኡ
ከይዱ መሪር ብኽያት በኸየ።



ሽዑ ይሁዳ እቲ ዘትሓዞ ተፈሪድዎ
ምስ ረኣየ ተጣዕሰ እሞ ንጹህ ደም
ኣሕሊፉ ብምሃበይ በደልኩ ኢሉ ነቲ
30 ቅርሺ ናብ ሊቃውንቲ ካህናት
ዓበይቲ ህዝብን መለሶ። ንሳቶም ድማ
ንሕና እሞ እንታይ ገዲሱና
ኢሎም ኣይተቐበሉዎን።



ይሁዳ ነቲ ኣቕራሽ ኣብ
ቤተ መቅደስ ደርብይዎ
ወጺ ከይዱውን ተሓንቐ።



እቲ ሮማዊ በዓል
ስልጣን ጲላጦስ ኣብዚ
ሰብዚ ሓንቲ በደል
ኣይረከብኩሉን በለ።
እቶም ህዝቢ ግና
ይስቀል እናበሉ
ምጭዳር ኣብዝሑ።

ንኢየሱስ ግና ገሪፉ ኪስቀል ኣሕሊፉ ሃቦም። ክዳኑ ቐንጢጦም ከኣ ቀይሕ ባርኖስ ከደንዎ። ካብ እሾኽ ኣክሊል ተኒጎም፣ ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ ጡፍ’ ውን በሉሉ ዘንጊ ጌሮም’ ውን ርእሱ ወቕዕዎ። ምስ ኣላገጽሉ ነቲ ባርኖስ ቀንጢጦም ክዳኑ ከደንዎ ኪሰቕልዎ ወሰድዎ። ኣብ መስቀል ሰቒሎም ቀተልዎ።



ኢየሱስ ከምዝመውት ይፈልጥ ኔሩ’ዩ። ሞቱ ንሰባት ሕድገት ሓጢኣት ምስ እግዚኣብሄር ዕርቂ (ፈጢሩዩ ንዓለም ብምልእታ።) ክልተ ከተርቲ ድማ ምስኡ ተሰቅሉ። እቲ ሓደ ንኢየሱስ ኣሚኑ ናብ ገነት ክኣትው ከሎ፤ እቲ ሓደ ግና ነቲ ዝረኸቦ ዕድል ኣይተጠቀመሉን።



ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብይ
ድምጺ ጨርሐ ነፍሱ ድማ
ወጸት። ዕዩኡ ብዝግባእ
ፈጺሙ ዓረፈ። ዕለተ
ዓርቢ ድማ ኣብ በይኑ
መቃብር ቀበርዎ።



ወተሃደራት ሮማ ድማ ነቲ
መቃብር ማሕተም ገበሩሉን
ሓለውቲ ኣቀምሉ ሓደ
ከም ዘይወጽእን
ከምዘይኣትውን
ኢሎም ሓሰቡ።



ታሪክ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ
ክርስቶስ ኣብዚ ኣብቂዑ እንተዝኸውን
ኣዝዩ ዘሕዝን ምኾነ። እግዚኣብሄር
ግን ዘደንቕ ነገር እዩ ጌሩ።
ኢየሱስ ክርስቶስ ግና
ሞይቱ ኣይተረፈን።



ወጋሕታ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ
ናይታ ሰሙን ካብቶም ደቀ
መዛሙርቲ ኣብቲ
መቃብር ዝነብረ እምኒ
ተፈንቂሉ ረኺብዎ ኣብ
ውሽጢ እንተ ኣተው
ኢየሱስ ኣብኡ
ኣይጸንሖምን።





ማርያም ኣብቲ መቃብር ትበኪ ነበረት ኢየሱስ ድማ ″ኣይትብከዩ’ ‘ኪዲ ንደቂ መዛሙርተይ ካብ ሞት ተንሲኡ እዩ ኢልኪ ንገሪዮም በላ!″ ብሓጎስ እንዳ ጨደረት ″ኢየሱስ ተንሲኡ እዩ! ኢላ ኣበሲራቶም።″



ከም ብሓድሽ ድማ ኢየሱስ ንደቂ መዛሙርቲ ተራእዮም እቲ ዝተሸንከረ ኣእዳው ኣርኣዮም ህያው ምዃኑ ድማ ገለጸሎም ንጴጥሮስ ዘይምእማንካ፣ ዘይኮነስ ሕጂ ኣሚንካ ኣሎኻ ነሕዋትካን ንኹሉ ሰብን ንገር በሎ። እዚ ኢሉ ድማ እናረኣዩዎ ንሰማይ ናብ ቦትኡ ዓሪጉ ከደ።

ቀዳማይ ትንሳኤ ሙታን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 26-28 ሉቃ 22-24 ዮሃ 13-21

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኲሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኲሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16